Coptic Orthodox Patriarchate
**His Holiness Pope Tawadros II**
Pope of Alexandria and
Patriarch of the See of St. Mark
**The Papal Center**

بطريركية الأقباط الأرثوذكس
قداسة البابا الأنبا تواضروس الثاني
بابا الأسكندرية
وبطريرك الكرازة المرقسية
المقر البابوي

Ⲧⲁⲟⲩⲁⲇⲣⲟⲥ

222 Ramses St., Abbaseya, Cairo, Egypt
222 شارع رمسيس ، العباسية ، القاهرة ، مصر

Tel: 024822580 Fax: 0235365880 email: office@popetawadros.org 0235365880 :فاكس 024822580 :تليفون

*Tigrinya*

መልእኽቲ ልደት ቅዱስ ፓትርያርክ - ዓመት 2018

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ፥ ኣሜን።

ርሑስ ሓድሽ ዓመት 2018ን ካብቶም ነፍስ ወከፍ ዓመት ነብዕሎም በዓላት ጐይታ እቲ ቀዳማይ ዝኾነ ርሑስ በዓል ክቡር ልደትን።

እዚ ናይ እንቋዕ ኣብጽሓና ሰላምታይ ናብ ኵሎም ኣብጽሕ፦ ኣቦታት መትሮጶሊጣን፡ ጳጳሳት፡ ቆሞሳት፡ ካህናት ድያቆናት፡ መራሕቲ፡ ኣገልገልቲ፡ ኣባላት ኣካየድቲ ቤተ-ክርስቲያን ከምኡ`ውን ንዅሎም ናይ ቅብጢ ክርስትያናት ኣብ ኩሉ ዓለም ዝርከቡ፣ ኣብ ኤውሮጳ፡ ሰሜንን ደቡብን ኣመሪካ ፡ ኣፍሪቃ፡ ኤስያ ከምኡ`ውን ኣውስትራልያ። ንዅላትኩም፡ እንቋዕ ናብዚ ክቡር ልደት ናይ ጐይታና ኣብጽሓኩም እብል።

ልደት፡ ዓመት መጸ ዝብዓል በዓል ሓድሽ ምጅማር እዩ። እቲ ናይ መጀመርታ ፍጥረት፡ እግዚአብሔር ንኣዳምን ሔዋንን ዝፈጠረሉ፡ ህላዌ ሂቡ ሰናይ ህይወት ብእኦም ከምዝጀመረ ንዝክር። ምስ እግዚኣብሄር ምንባር የስተማቕሩን፡ ደስ-ዘብልን ንጹህን ህይወት ይመርሑን ነበሩ። ግናከ ሓጢኣት ናብ ህይወቶም ምስ ኣተወ፡ እቲ ምስ እግዚአብሔር ዝጸምዶም ዝነበረ ጽኑዕ ርክብ በተኸ። ኣዳም ፈራሒ ኮነ፡ ርእሱ`ውን ክሓብእ ጀመረ፣ ሔዋን`ውን ከምኡ። ካብ እግዚአብሔር ኣርሒቖም ተሰጉ። ደቂ-ሰብ ኣብዛ ምድሪ ከምቲ ትእዛዝ እግዚአብሔር በዝሑን ተፋረዩን፣ ብዙሓት ሃገራትን ዓሌታትን ከኣ ናብ ምሉእ ዓለም ተዘርገሑ። ናብ ኣፍሪቃ፡ ኤስያ ከምኡ`ውን ኤውሮጳ ሰባት ኣብ ዓለም ክዝርግሑ ጀመሩ፡ ከምኡ`ውን ሓጢኣት፡ ባእሲ (ግጭት)፡ ሰብኣዊ ዓመጽ። ዘርኢ-ሰብ ኣብ መውዳእታ ዘይብሉ፡ ውሽጣውን ደጋውን ኹናት ተሸመ። ኣብዚ ዓለም ብዙሕ ግጭት ንሰምዕ። ንነብስና`ውን ከምዚ እናበልና ንሓታ፦ መፍትሒ ናይዚ ቅልውላው (ግጭት) እንታይ`ዩ፧ ወዲ-ሰብ`ከ ብከመይ ኣገባብ ክገጥሞ ይኽእል

መልሲ ናይዚ ሕቶ እዚ ኣብ ታሪክ ልደት ክንረክቦ ንኽእል ኢና። እቲ መልሲ ናይቲ ሕቶ ከኣ ወዲ-ሰብ ግድነት ከም ኣተሓሳስባን መንፈስን ህጻን ምንባር ምስ ዝጅምር እዩ። ኢየሱስ ክርስቶስ ከም ሓደ ንእሽቶ ህጻን ኣብ ምድሪ ይሁዳ ቤተ-ልሔም እዩ ተወሊዱ። ድሕሪኡ ከም ቆልዓ፡ ቀጺሉ ከም ንእሽቶ ኰተቴ ዓበየ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ልደት ጐይታና ኣብ እነብዕለሉ ግዜ፡ ህጻንነት ኢና ነብዕል። ህጻንነት መፍትሒ ናዚ ሽግር ኣዩ ክንብል ንክእል። ብኸመይ
እዚ ክብል ከለኹ፡ ህጻንነት - እተን ናይ መጀመርታ ዓመታት ህይወት ወዲ-ሰብ ማለተይ ኣይኮንኩን፣ እንታይ ድኣ እቲ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ቆልዓ እንረኽቦ መንፈስ - መንፈስ ህጻንነት ማለተይ እዩ።

እቲ ኣብቲ ስእሊ ናይ ልደት ክርስቶስ እንረኽቦ ሰመያዊ ሕብሪ ክዳን ናይ ኣዴና ቅድስት ደንግል ማርያም ተምሳል ናይታ ካልኣይቲ ሰማይ እዩ። እቶም ዓበይቲ ከዋክብቲ ኣብ ክዳና ዘለዉ ድማ ድንግልናኣ - ቅድሚ ምውላዳን ኣብ ግዜ ምውላድን ደሕሪ ምውላድን - ዘመልክቱ እዮም። ንሳ፡ ነዚ ኣብ ቤተ-ልሔም ዝተወልደ ንእሽቶ ህጻን ሐቑፊቶ፣ ብናይ መግነዝ ጨርቂ ዝመስል ኣጭርቕቲ ከኣ ጠቕለለቶ። ከመይ ክመውትን ነብሱ በጃ ኵሉ ዓለም ክህብን እዩ ዝመጽአ። ክልተ እንስሳታት ኣብ ጐኒ መብልዕ ማል ንረኽቦም፡ እዚ ከኣ ናይ እስራኤላውያንን ኣህዛብን ኣምሳል እዩ። ኣብ ታሕቲ እቲ ቅዱስ ስእሊ፡ ስእሊ እቲ ከም መስዋእቲ ዝቐርብ ዝነበረ ገንሸል ትረክብ። እዚ ከኣ ናይቲ ናይ ዘለዓለም መስዋእቲ - ስቕለት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንድሕነት ወዲ-ሰብ - ምሳሌ እዩ። ኣብቲ ስእሊ፡ ጸልማት ናይታ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እተወለደላ ለይቲ ንርኢ።

ህጻንነት - በቲ ዘለዎ ባህርይን መንፈስን - መፍትሒ እቲ ጸገም እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ማቴዎስ ምዕራፍ 18 ክርስቶስ ከምዚ ኢሉ ክምህረና ከሎ ይጠቅስ፦ "እንተ ዘይተመለስኩም፡ ከምዞም ህጻናት እንተ ዘይኰንኩም፡ ናብ መንግስተ ሰማያት ከቶ ኸም ዘይትኣትዉ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።" (ወ. ማቴዎስ 18፡3)። ብኸመይ ክንምለስ ንክእል□ እቲ ምምላስና፡ ኣብ ህጻናት ብዝርአ ባህርያት እዩ ክኸውን ዘለዎ። እዞም ባህርያት እዚኣቶም ኣብ ታሪኽ ቅዱስ ልደት ኣብ ብዙሓት ኣብነታት ንረኽቦም ኢና።

ብመጀመርታ ግን፡ እቲ ናይ ህጻናት የዋህነት ንርአ። እዚ ኣብቶም ኣብ በረኻታትን ምድረ-በዳታትን መጓሰኦም እናጓሰዩ ዝነበሩ የወሃን ጓሶት ኣዝዩ ጕሊሑ ንረኽቦ ኢና። እቲ መልእኽ ተገለጽሎም፡ ዓቢይ ሓጐስ ከኣ ኣበሰሮም። ጓሶት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይጐዓዙ`ምበር ኣብ ሓደ ቦታ`ስ ኣይቅመጡን እዮም። ። ግናከ እቲ ብቐሊሉ (ብየዋህነት) ምንባር፡ ኣብ ጕዕዞኦም፡ ኣመጋግበኦም፡ መስቴኦም ከምኡ`ውን ኣብ ገዛውቶም ብግልጺ ይርአ እዩ። ብቐሊሉ (ብየዋህነት) ምንባር ዅሉ እዩ። ሰብ ናብ ብቐሊሉ (ብየዋህነት) ምንባር ክምለስ ኣለዎ።

እቲ ካልእ ንህጻን ዝገልጾ ባህርያት ፦ ትውክልቲ፡ እምነት ከምኡ`ውን ርእሰ-ተኣማንነት እዩ። ህጻን ብምኽንያት ንጽህናኡ ብኹሉ ነገር ይኣምን። እዚ ኣብ ልደት ኣብ ዘጋጠሙ ኲነታትን ታሪኽን ንረኽቦ፣ ንኣብነት ኣብ ቅዱስ ዘካርያስ ካህን ምስ ሰበይቱ ኤልሳቤጥ። ካህን ዘካርያስ ነቲ ብመልኣክ ዝተነገሮ ብስራት ምስ ሰምዐ፡ ከምቲ ማህጸን ኤልሳቤጥ ዝኾኖ፡ ኣጽቀጠ (ዓባስ ኮነ)። ከምኡ`ውን ሰማያት ዘጽቀጡ ይመስሉ። ግን`ኸ እግዚኣብሔር፡ ቅዱስ መጽሓፍ "ካብ ኣንስቲ ካብ ዝተወልዱ እቲ ዝዓበየ" ኢሉ ዝዘረበልሉ ውላድ - ዮሓንስ መጥመቕ - ሃቦ። ቅድስቲ ኤልሳቤጥ፡ ብሓያል ቃል-ምስክርነት ከምዚ በለት "[ጐይታ] ርኣየኒ፡ ሕፍረተይ ካብ ማእከል ሰብ ምእንቲ ኼርሕቕ ከኣ ከምዚ ገበረለይ።" (ወ. ሉቃስ 1:25)። ከመይ፡ ቅድስቲ ኤልሳቤጥ እምነትን ትውክልትን ተኣማማንነትን ነበራ።

እቲ ሳልሳይ ኣብ ህጻናት እንረክቦ ብሉጽ ባህርይ ንጽህና እዩ። ሓደ ህጻን ብጻዕዳ ወረቀት ይምሰል፡ እዚ ድማ ነቲ ብዘይ መጥን ዝኮነ ንጽህና ልቡ ዝገልጽ እዩ። እዚ ባህርይ እዚ ኣብ ቅድስት ድንግል ማርያም ብንጹር ንርእዮ፣ ከመይ ነቲ ናይቲ መልኣኽ ብስራት ክትቕበሎ`ን ብዓቢይ ንጽህና ክትምልስን ከላ ንርኽቦ። "ኣነ ሰብኣይ ከይፈለጥኩ፡ እዚ ነገርዚ ከመይ ኢሉ ይኸውን□" (ወ. ሉቃስ 1:34) እቲ መልኣኽ "መንፈስ ቅዱስ ኪወርደኪ ሓይሊ ልዑልውን ኬጽልለኪ እዩ። ስለዚ`ኸኣ እቲ ዚውለድ ቅዱስ፡ ወዲ ኣምላኽ ክብሃል እዩ።" (ወ. ሉቃስ 1:35) እናበለ ምስ ገለጻላ፡ "እኔኹ፡ ኣነ ባርያ እግዚኣብሔር! ከምቲ ዘረብካ ይኹነለይ፡"(ወ. ሉቃስ 1:38) እናበለት ብንጽህናን ትሕትናን ክትምልስ ከላ ንረኽባ። እዚ ባህርይ እዚ ኣብ ህጻንነት ኢና ንረኽቦ። እዛ ዓለም ከኣ ከምዚ ዝበለ ባህርይ`ዩ ሕጂ የድልያ ኣሎ።

እቲ ራብዓይ ኣብ ህጻናት እንረክቦ ባህርይ ድማ ናይ ሓጐስን ምስጋናን ባህርይ እዩ። ከምቲ ኲላትና ንፈልጦ፡ ህጻናት መዝሙር፡ ዜማ፡ ምዝማር ይፈትዉ እዮም። ኣብቲ ናይ ልደት ታሪኽ፡ ብዛዕባ እቶም ብሓጐስ ዝተግልጹ መላእኽቲ ነንብብ። ኣብዚ ሰማያዊ መዝሙር፡ ልክዕ ከም ዓቢይ ጕባኤ-መዘምራን እዮም ነይሮም፡ በዘን ቃላት እዚአን፦ "ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ኣርያም፡ ሰላም`ውን ኣብ ምድሪ፡ ስምረቱ ከኣ ምስ ድቂ-ሰባት።" (ወ. ሉቃስ 2:14) እዚ ኣብ ውሽጡ ዝማሬ ዘለዎ፡ ሓጐስ ከኣ ዝመልኦ ሓይሊ ሓረግ እዩ። ዓለም ዜማ ክትምሃር ኣለዋ፡ ንምንታይ ዜማ ኣዝዩ ብሉጽ ስነጥበብ እዩ። ሓደ ሰብ፡ ዜማ ምስ ዝምሃር ንሓጥያት ኣርሒቑ ክጕሕፎ ይኽእል፡ ከመይ ዜማ ንናይ ሰብ ስምዒታት ልዕል ስለዘብሎ። ወዲ-ሰብ ዜማ ምስ ዝምሃርን ኣብ ቀጻሊ ሓጐስ ምስ ዝነብርን፡ ህይወቱ ኣዝያ ሰናይ ምኻና ይግንዘብ፡ ንኹሉ ፈተናታት`ውን ክስዕሮ ይኽእል።

ኣቲ ሓምሻይ ኣብ ህጻንነት እንረክቦ ባህርይ ድማ ጥበብ እዩ። "ጥበብ፣ ከመይ`ሉ፡ ጥበብ ኣብ ዓበይቲ` ዩ እምበር!" ብምባል ትሓቱኒ ትኾኑ። ብዙሕ ግዜያት ህጻናት ኣብ መልስታቶምን ጠባያቶምን ዓቢይ ጥበብ የርእዩ እዮም። ምናልባት እቲ ናይ ህጻናት ጥበብ፡ ነቲ ናይ ዓበይቲ ጸገማት ንኽፍታሕ ይሕግዝ ይኸውን። ጥበብ ኣብቶም ህያብ ወርቂ፡ ዕጣን ከምኡ`ውን ከርበ ክህቡ፡ ካብ ምብራቕ ዝመጹ ሰብ-ጥበብ ንረኽቦ።

እዞም ሓሙሽተ ባህርያት ኣብ ህጻንነት ንረክቦም። ታሪክ ልደት ድማ ኣብዚኦም ክነብር`ዩ ዝጽውዓና። በዚኣቶም ኣብ ዓለም መሊኡን ኣስፋሕፊሑን ንዘሎ ግጭት ክንገጥሞ ንኽእል።

ነዚ መልእኽቲ ናባኻትኩም ከመሓላልፍን ኣብዚ ናይ ኩሉ ዝኾነ፡ ዓቢይ ሓጐስ እንቋዕ ኣብጽሓኩም ክብልን ሕጉስ እየ። ኣብ ምድሪ ግብጺ ምስ ፕረዚደንት ኣብዱል ፋትሕ ኣል-ሲሲ፣ብዝበለጸ ኣብዚ በዓል [ልደት]፡ ኣብዛ ግብጺ ትሃንጻ ዘላ ሓዳስ ናይ ምምሕዳር-ከተማ፡ ሓድሽ ቤተ-ክርስትያን ንኸፍት ምህላውና ድርብ ሓጐስ ይስምዓና። ምህናጽ፡ ናይዛ ብዓቢይ ውጥን ትህነጽ ዘላ ክንዲ ሲንጋፖር ዝኣክል ግፍሒ ዘለዋ ርእሰ-ከተማ፡ ንነዊሕ ዝጠመተን ብዙሕ ተስፋ ዘለዎን ውጥን እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 2017፡ ናይ ግብጺ ፕረዚደንት፡ ኣብ ግብጺ ኣብዛ ናይ ምምሕዳር-ከተማ ምህናጽ ናይ ዝዓበየ ቤተ ክርስትያንን ዝዓበየ መስጊድን ኣማሓላሊፉ ነይሩ።

ናይዛ “ቤተ-ክርስቲያን ልደት-ክርስቶስ” ተባሂላ እተሰምየት ካቴድራል፡ ኣብዚ በዓል`ዚ ንኸፍቶ ኣሎና፣ ምስ ፕረዚደንት ምስ ኩሎም ፍቱዋት ወገናት ኣብ ውትህድርናን መሃንድሳዊ ትካላትን ዝርከቡ ነዚ ውጥን ኣብ መፈጸምታ ዝብጽሕዎ ናይ ህንጻ ትካላት፡ ምሃንድሳት፡ ቴክኒሻን ከምኡ`ውን ኣማኢት ሰራሕተኛታት።

ርሑስ በዓል ልደት። ንኹለን ኣብ ምሉእ ዓለም ንዝርከባ ኣብያተ-ክርስቲያናትና እንቋዕ ኣብጽሓና እናበልኩ ሰናይ ትምኒተይ እገልጽ። ምእንቲ ሰላም፡ ዘየቋረጽ ጸሎት ክግበር እምሕጸን፣ ከመይ ህዱእ (ሰላማዊ) ህይወት ኣብ ዓለም ምእንቲ ክሰፍን። ክብርን ስብሓትን ንእግዚኣብሔር ይኩን፡ ንዘላለም-ኣለም፡ ኣሜን።

